# ጸብጻብ መዓልቲ ናጽነት 2014

## መበል 23 ዓመት መዓልቲ ናጽነት ኤርትራ ኣብ ሂይስቶን ብክብ ዝበለ ተባዒሉ፡፡

መበል 23 ዓመት መዓልቲ ናጽነት ኤርትራ “ ንርህው ጽባሕ ሎሚ ንስራሕ ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ብድምቀት ተባዒሉ፡፡ ለብዘበን ዓመት ተሳትፎ ህዝብና ኣብ መዓልቲ ናጽነት ከምቶም ዝሓለፉ ዓመታት ብዉዕዉዕ መንፈስት ንኸየብዕል፡ ኣብ ቤተክርስትያና ቆርበት በጊዕ ዝተኸድኑ፡ ጸረ ሰላም፡ ሎዋህነት ህዝብና ከምዕሸነት፡ ትዕግስቲ ከም ፍርሓት ቆጺሮም፡ ንህዝብና ብኣውራጃ፡ ቀቢላን ፖለቲካን ክፈላልዩዎ ሃቂኖም፡ ገለ ካብኦም ቤተክርስትያና ብናይ ግብጺ እምበር ብናይ ኤርትራ ሲኖዶስ ክመሓዳደሩ ድሌቶም ከምዘይኮነ ገሊጾምዮም፡፡ ከምዚ ዓይነት ተርእዮ ምፍጣሩ፡ ንኤርትራውያን ነበርቲ ሁይስቶን ዘይተጸበዩዎ ተርእዮ ኢዩ ነይሩ፡፡ ህዝቢ ሁይስቶን ግን ፡ከምዚ ዓይነት ምፍልላይ ንልዕላውነትናን ህላውነትናን ስለ ዝትንክፍ፡ ነቶም ናይ ታሪኽ ደመኛ ጸላእትና ናይ ደቡብ ጎረቤትና ድማ ንምጥፋእና ተዋፊረሙሉ ዘሎዉ ዕላማ ኩውን ንምግባር፡ ምኺኑ ስለ ዝርዳእ፡ **ሃይማኖት ናይ ብሕቲ ሃገር ግን ናይ ኩሉ ብዝብል እምነት ብሓባር መበል 23 ዓመት መዓልቲ ናጽነት ጸምቢሎም፡፡**

መዓልቲ ናጽነትና ሎሚውን ከም ቀደም ክልተ መዓልቲ ዩ ተባዒሉ፡፡ ኣብዚ መዓልቲ ናጽነትና እነብዕለሉ ሰሙን፡ ሓውና ኣልኣዛር ገብረማሪያም ብሕማም ካብዛ ዓለም ብሞት ብምፍላዩ፡ ህዝቢ ሁይስቶን ኣብ ዓሙቐ ሓዘን ዩ ነሩ፡፡ ኣልኣዛር ምስ ዓቢ ዓቢ፡ ምስ ንእሽቶ ንእሽቶ፡ ሎዋህ፡ ኣብ ክንዲ ንዓይ ንህዝበይን ሃገረይን ዝብል ኣብክንዲ ብሕማሙ፡ ብሃገሩን ህዝቡን ዝጭነቐ ሃገራዊ ብምንባሩ፡ ናቱ ሞት ንኣከባብራ መዓልቲ ናጽነትና ክትንክፈና ኢዩ ዝብል ጭንቀት ነይሩ፡፡ ብምትሕብባር ስድራቤት ኣልኣዛር ግን ልዕሊ 650 ህዝቢ ኣብ ክልቲኡ መደብ በዓል ናጽነት ተሳቲፉ፡፡

ናይ ቀዳም መደብ

ናይ ቀዳም መደብ ኣብ ፓርክ ኢዩ ተባዒሊ፡፡ ዓመት ዓመት “ ካብ ህዝቢ ናብ ህዝቢ” ዝብል ናይ ባር ቢኪው መደብ ይዳሎ። ህዝቢ ብመንገዲ በዓላት ሽማግለ ኣቐዲሙ ንባርቢኪው ዝኸውን ገንዘብ የዋጽእ፡፡ በቲ ተዋጺኡ ገንዘብ ድማ ፡ ብዕራይ ተሓሪዱ፡ ብሰብ ሞያ ባርቢኪው ተሰሪሑ፡ ንህዝቢ ብነጻ ይዕደል፡፡ ኩሉ ህዝቢ ብሓንሳብ ይድረር፡፡ ኣብዚ ዕለት ዚ ንሕዝቢ ዘዘናግዑ ዝተፈላለየ መደባት ቀሪቦም ነይሮም፡፡ ገለ ንምጥቃስ፡ ሓፈሻዊ ፍልጠት ብዛዕባ ታሪኽ ሃገርናን፡ ብሂላትን ቀሪቡ ነይሩ፡፡ ኣብዚ ሓፈሻዊ ፍልጠት 2 ደቂ ተባዕትዮ፡ 2 ተ ድማ ደቀንስትዮ ዝርከቡዎም 4 ሰባት ንዉድድር ቀሪቦም፡፡ ሰሰለስተ ሕቶ ድማ መሊሶም፡፡ ንተዓወቲ ድማ ሽልማት ተዋሂቡዎም፡፡ ቀጺሊ ዝነበረ ናይ ዓበይትን ንኣሽቱን ናይ ገመድ ጉታ፡ ናይ ንኣሽቱ ናይ ኪሻ ኣቲኻ ምጉያይ፡ ከምኡውን ናይ ዓበይትን ንኣሽቱን ንኽብሪ መዓልቲ ናጽነት ናይ ጉያ ውድድር ተገሩ፡፡ ኣብዚ ዕለት ዚ፡ ነዚ “ ካብ ህዝዚ ናብ ህዝቢ” ዝብል ናይ ባርቢኪው መደብ፡ን መጺሄት ሓበን ንምሕታም ዝመወሉ ዜጋታ፡ ሰብ ትካል ሃገራዉያንን የዕሩኽን ኣስማት ንህዝቢ ተገሊጹ፡፡ ድሕሪ 6 ሰዓት ድማ ቀዳማይ ክፋል መዓልቲ ናጽነትና ብዓወት ተዛዚሙ፡፡

ናይ ሰንበት መደብ

ካላኣይ ክፋል መዓልቲ ናጽነት ሰንበት 25 ግንቦት ኢዩ ነይሩ፡፡ ህዝቢ ሁይስቶን ነቲ ክንዲ ሓው፡ ክንዲ ኣቦ፡ ኮታ ክንዲ ኩሉ ዝኾ፡ መዘና ኣልቦ ሎዋህ፡ ሃገራዊ ኣልኣዛር ገብረማሪያም ሰዓት 12 ድ.ቀ ሓመድ ኣዳም ኣልቢሱ፡ ሰዓት 7 ድ.ቀ ኢዩ ጽንብል ናጽነቱ ጀሚሩዎ፡፡ ድሕሪ ዝክረ ሰማእታት ህዝቢ ብማሕበር

ደቀንስትዮ ዝተዳለወ ድራር ተመገበ፡፡ ኣብዚ በዓልዚ መራሕቲ ሃይማኖትን ናይ ረድዮ ፓሲፊካ ኣዳለውቲ የዕሩኽ ሃገርናን ህዝብናን ተረኺቦም ነይሮም፡፡ ድሕሪ ድራር፡ ኣቦ መንበር በዓላት ሽማግለ ዑቕባይ ገረዝጊሄር፡ ንህዝቢ እንቋዕ ደሓን መጻእኩም ድሕሪ ምባል፡ መልእኽቲ ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ ኣምቢቡ፡፡ ስዒቡ እቶም ጽቡቓት ናይ መጻኢ ሕድሪ ተቐበልቲ ዝኾኑ ህጻናትን መንእሰያትን ሁይስቶን ፡ ንህዝቢ ዘደነቐ ዝተፈላለየ ናይ ብሄራትና ባህላዊ ምርኢት ኣቕሪቦም፡፡ ድሕሪ ምርኢት መንእሰያትን ቆሉዑን ኣዴታት ሁይስቶን በቶም ወናማት ሙዚቀኛታት፡ ወዲ ግደይ፡ ምሕረት ዘርኢዮሃነስ፡ ሳክስፎን ዳዊት ተስፋማሪያም፡ ኪቦርድ ኤፍረም፡ ቤዝ ጊታር በላይ(በላይኖ)፡ ዲጆይ ሚሊ፡ እንዳተሰነያ ነቲ ርሱን ለይቲ በታ ዉቅብቲ ባንዴራና ተሸሊመን ሽኾርተት ብምብል ፈለመኦ፡፡ ህዝቢ ድማ ብዘይ ዕረፍቲ ብሓጎስን ፍሳሃን ክሳብ ሰዓት 5ተ ናይ ወጋሕታ ክቆጻጸ ሓዲሩ፡፡ ድሕሪ ፍርቂ ለይቲ ንኽብርት መዓልቲ ናጽነት ብባንዴራና ዝተወቀበ ናይ ሽኮር ሕብስቲ ተቖሪሱ፡፡ ሻምፓይን ዉን ተኸፊቱ፡፡ እዚ ናይ ሽኮር ሕብስትን ምስኡ ዝኸይድ ሕብሪ ባንዴራና ዝተወቀበ መሳለጢታትን፡ ን 23 ዓመት ብ 8 ዉፉያት ኤርትራውያን ኣሓት ኢዩ ዝምወል፡፡ ኣብዚ ምሸት ዚውን ነቶም ኣብ ቀዳም ጉያ ንናጽነት ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ዕዉታት ዝኾኑ ዝተዳለወሎም ሽልማት ካብ ኣቦ መንበር ማሕበረ ሰብ ኤርትራዉያን ሂይስቶን ኣቶ መሓሪ ነጋሽ ተቐቢሎም፡፡ ብምቕጻል ኣስማት ንመደብ ባርቢኪው ዝመወሉ ብፍላይ ድማ ሰብ ትካል ደቂ ሃገርን ኣዕሩኽን ዝህብዎ ንህዝቢ ኣገልጉሎት፡ ህዝብና ድማ ተጠቃሚ ኣገልጉሎቶም ክኸውን ክምዘሎዎ ተገሊጹ፡፡ መደብና ድማ ካብ ሰዓት 7 ድ.ቀ ዝጀመረ ሰዓት 5 ናይ ንጉሆ ብዓውት ተዛዚሙ

ዓወት ንሓፋሽ

ኣወሃሃዲት ሃገራዊ በዓላት ሽማግለ ሁይስቶን